# ቶም እቲ ሸያጢ ባናና

Humphreys Odunga
Zablon Alex Nguku
Daniel Berhane Habte

2

ትግርኛ ti

ቶም ዝበሰለ ባናና ብካሴታ ይስከም።

ቶም ባናና ክሸይጥ ናብ’ቲ ዕዳጋ ይኸይድ።

ሰባት ኣብ’ቲ ዕዳጋ ፍረታት ይገዝኡ ኣለዉ።

ካብ ናይ ቶም ባናና ግን ዋላሓደ ሰብ ዝገዝእ የለን። ካብ ደቀንስትዮ እዮም ፍረታት ክገዝኡ ዝመርጹ።

“ኣብ ሕብረተሰብና፡ ደቀንስትዮ ጥራይ እየን ፍረታት ዝሸጣ።” ይብሉ ሰባት። ንሓድሕዶም “እንታይ ዓይነት ሰብኣይ’ዩ ኣታ’ዚ?” ይባሃሃሉ።

ቶም ግን ተስፋ ኣይቆርጽን። ከም’ዚ ድማ ይብል፡ “ካብ ባናናይ ግዝኡ! ካብ’ዚ ዝበሰለ ምቁር ባናናይ ግዝኡ!”

ሓንቲ ሰበይቲ ካብ’ቲ ካሴታ ጥማር ባናና ተልዕል። ነቲ ባናና ብጥንቃቐ ትርእዮ።

እታ ሰበይቲ ነቲ ባናና ገዚኣቶ።

ካልኦት ሰባት ናብ’ቲ ባንኮ ይመጹ። ናይ ቶም ባናና ገዚኦሞ፡ በሊዖሞ ድማ።

ብቕልጡፍ፡ እቲ ካሴታ ጥራዩ ተሪፉ። ቶም ነቲ ዘእተዎ ገንዘብ ፈቒድዎ።

ሸዑ ቶም ሳሙና፡ ሸኮርን ሕብስትን ይገዝእ። ነቲ ንብረት ኣብ’ቲ ካሴታኡ የእትዎ።

ቶም ነቲ ካሴታ ኣብ ርእሱ ኣጣጢሑ ብምስካም ናብ ቤቱ ይኸይድ።

Global Storybooks
globalstorybooks.net

# ቶም እቲ ሽያጢ ባናና

Humphreys Odunga
Zablon Alex Nguku
Daniel Berhane Habte